**ዕለት ፡ 24 ሓምለ 2017**

# ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ 3ይ ሱሩዕ ኣኼባኡ ሎሚ 24 ሓምለ ብወግዒ ከፊትዎ

3ይ ሱሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ፡ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ኣብ ዝተረኽብሉ ሎሚ ዕለት 24 ሓምለ 2017 ዓ.ም ብኣቦ ወንበር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሓው ዓብዱራሕማን ጣሃ ብወግዒ ተኸፊቱ ። ኣብቲ ስነ ስርዓት መክፈት ንዝቐጽል መዓልታት ንክዝትዩሎም ዝተቐረቡ ኣጀንዳታት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ፡ ኣጠቓላሊ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርና፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብና ዕለታዊ ዘሕልፎም ዘሎ ከበድቲ ተጽዕኖታት ምልክን ቁጠባውን ማሕበራውን ጸቅጥታትን፡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናመረረ ይኸይድ ምህላውን፡ ኣስካሕካሕን ጅምላዊ ህልቂትን ፈታኒ ተረኽቦታትን ዋሕዚ ምስዳድ መንእሰያትን ቀጻሊ ተጻብኦን መሰናኽላትን ግበታዊ ስርዓት ህግደፍን፡ ከምኡ'ውን ንተስፋ ኣልቦነት ጭካነን ኣዕናዊ ፖለቲካዊ መስርሓትን ተዋላዋልን ኣደናጋርን መርገጺታትን፡ ጸረ ሰላምን ምሕብሓብን ምውፋርን ፈጠርቲ ራዕድን ጥራይ ዘይኮነ ነዚ ሓድሽ ተረኽቦታት ናይ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ፡ ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎን ጥፍሽናን፡ ግህሰታት ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላትን ካልኦት ዛዕባታት ህሉው ኩነታት ስርዓት ህግደፍ፡ ኣመልኪቶም ከም ዝዝትዩ ኣነጺሩ ።

ዕምሪ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብምሕጻር ድሕነትን ቀጻልነትን ህዝብን ሃገርን፡ ንምውሓስን ፍትሒ ንምርግጋጽን፡ ልዕልና ሕጊ ንምንጋስን፡ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምቅልጣፍ ውዱባውን ሃገራውን ዕማማት ብምስኣል ንህጹጽ ትግባርኦም ኣብ ዝቕጽሉ መዓልታት ክዝቲ ሙኳኑ ብምንጻር ፡ ብተወሳኺ ኣካላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብ ንህሉው ንጥፈታት ደምበታት ተቓውሞ፡ ሰልፍን ጸብጻባት ኣብያተ ጽሕፈት ፈጻሚትን ፡ ጨናፍራቱን ህሉው ኩነታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ብዕምቆት ከምዝዳህሰሱ ዝመጻና ሓበሬታ ወሲኹ ኣረዲኡ።

**ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**
**24 ሓምለ 2017**



Email ;erinahda61@gmail . WWW.Erinahda .org Tel. 00251 911070661